# ብዘይ ንቑሕ ተሳትፎ ናይ ሓፋሽ ዝዕወት ቃልሲ የለን!!

ንቑሕ ተሳትፎ ናይ ሓፋሽ፡ ኣብ ምዕዋት ናይ ሓደ ቃልሲ ወሳኒ ተራ ካብ ዘለዎም ረቛሒታት ሓደ እዩ። ንቑሕ ተሳትፎ ናይ ሓፋሽ ኣብ ምዕዋት ኣንጻር ወረርቲ፣ ዓመጽትን ዓፈንቲ ማሕበራዊ ፍትሕን ዝግበር ቃልሲ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እንተላይ ኣብ ምክልኻል ሰብ-ሰርሖን ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታትን፣ ኣብ ምንካይን ምዉጋድን ድሕረትን ድኽነትን፣ ኣብ ምንጋስ ሰላምን ምርግጋጽ ልምዓትን ቁጠባዊ ዕብየትን፣ ምንጋስ ዲሞክራስን ማሕበራዊ ፍትሕን'ዉን ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ኮታስ ሓፋሽ ነቒሑ ዝተሳተፎ ጉዳይ ኩሉ ግዜ ታዓዋቲ ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እዚ ሓቂ'ዚ ድማ ኣብቲ ንስለ ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነት ኤርትራ ንኣስታት 50 ዓመታት ዝተኻየደ ሰለማዊ ፖለቲካዊ ቃልስን ዕጥቃዊ ቃልስን ብተግባር ተራእዩ እዩ።

ንቑሕ ተሳትፎ ናይ ሓፋሽ ህዝቢ፡ ኣብ ምዕዋት ቃልሲ፣ ኣብ ምንጋስ ሰላም፣ ኣብ ምርግጋጽ ዕብየትን ምዕባለን ወዘተ ወሳኒ ምዃኑ እቶም ንመሰልን ናጽነትን ናይ ሓፋሽ ረጊጾም ኣብ ልዕሊ ሓፋሽ ደረት-ኣልቦ በደላት ዘውርዱ መለኽትን ዓመጽትን'ውን ብዝግባእ ዝምስክርሉ ጉዳይ እዩ። እዞም ኣካላት'ዚኣቶም ዋላ'ኳ ሓፋሽ ህዝቢ ካብቲ ዘውርድሉ ሕሰምን መከራን ተበጊሱ፡ ንምጥፍኦም ቆሪጹ ከይለዓል ካብ ዘለዎም ስግኣት ተበጊሶም፡ ነቲ ንሳቶም ዘካይድዎ ስራሓት ከም ብድሌትን ወሳንነትን ናይ ሓፋሽ ዝካየድ ዘሎ ንምምሳልን፡ በቲ ሓደ ገጽ ድማ ብቐልጽም ናይ ሓፋሽ ተዳሂኾም ተገዲዶም ዝብልዎን እንተኾነ፡ “ሓፋሽ'ዩ ወሳኒ” ዝብል መዝሙር ክዝምሩ ይስምዑ እዮም። ዉልቀ-መለኽትን ዓመጽትን ስርዓታት ነዚ ኣበሃህላ'ዚ ካበይ ተበጊሶም ወይ እንታይ ደሪኹዎም ይብልዎ ብዘየገድስ፡ እዚ ዘብርሆ ሓቂ ግን ኣሎ። ንሱ ድማ ንቑሕ ተሳትፎን ወሳንነትን ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ወትሩ ዘይስገር ምዃኑ እዩ።

ንቑሕ ተሳትፎ ናይ ሓፋሽ ህዝቢ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ናይ ሃገር፡ “ሓፋሽ'ዩ ወሳኒ” ዝብል መዝሙር ስለዝተደጋገመ ጥራሕ ይረጋገጽ ማለት ከም ዘይኮነ ግን ኩልና ንሰማማዓሉ ሓቂ እዩ። ንኣብነት ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ምስ እንርኢ፡ ህዝብና ካብ ዝተሓተ ክሳብ ዝለዓለ ኣብ ጉዳያት ናይ ሃገሩ ሓሳባት ኣብ ምምንጫው፡ ምብሳል ይኹን ምትግባር ነጻ ተሳትፍኡ ዘረጋግጸሉ ባይታ የለን። ኣብ ሃገርና ብህዝቢ ዝጸደቐ ሕገ-መንግስቲ የለን። ብህዝቢ ዝተወከለ ፖለቲካዊ መሪሕነት'ውን ከምኡ። ብተሳትፎ ናይ ህዝቢ ዝሕንጸጽ ፖሊሲታት'ውን የለን። ህዝብና፡ ብህግደፍ ተባሪኹ ዝተዋህቦ ተገዲዱ ከተግብር ጥራሕ'ዩ ጸኒሑን ዘሎን። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ህግደፍ ኘኸደናግር “ሓፋሽ'ዩ ወሳኒ” እንተበለ መን ይቕበሎ? ምቕባልስ ይትረፍ መን'ከ ይሰምዖ።

እቲ ኩሉ ድሕሪ ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነትና ክንርእዮ ዝጸናሕና፡ ኣብዚ ጊዜ'ዚ ድማ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ ዝርከብ ሕሰመ-መከራ ናይ ህዝብታትናን ሃገርናን ክኽሰት ዝኸኣለ ንቑሕ ተሳትፎን ወሳንነትን ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ጉዳያት ናይ ሃገሩ ተጎስዩ፡ ዉሑዳት ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ክዉስኑ ስለዝጸንሑን ዘለዉን እዩ። ሕጂ'ውን ህዝብታትናን ሃገርናን ካብቲ ወዲቖምሉ ዘለዉ ናይ ብርሰትን ምብትታንን ሓደጋ ተናጊፎም፡ ኣብ ሃገርና ሰላም ነጊሱ፡ ርግኣትን ምዕባለን ክህሉ እንተደኣ ኮይኑ “ወሳንነት ናይ ሓፋሽ” ብተግባር ዘረጋገጸ ፖለቲካዊ ስርዓት ክትከል

ዘለዎ ተደላይነት መተካእታ ኣልቦ እዩ። ኣብ ህላወ ስርዓት ህግደፍ ንቑሕ ተሳትፎን ወሳንነትን ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ኣብ ኩሉ መዳያት ናይ ሃገሩ ባይታ ከም ዘይብሉን ክህልዎ'ውን ከም ዘይክእልን ዝሓለፈ 14 ዓመት ምስክር'ዩ። ስለዚ እቲ ዝድለ ሰላምን ምርግጋእን ንምርግጋጽ እቲ ናይዚ ጸጋታት'ዚ ቀንዲ ዕንቅፋት ዝኾነ፥ ንንቑሕ ተሳትፎን ወሳንነትን ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ጎስዩ ክኸይድ ዝጸንሐን ዘሎን ስርዓት ህግደፍ ክዉገድ ኣለዎ።

ንስርዓት ህግደፍ ንምዉጋድን ኣብ ልዕሊ መቓብሩ ድማ ብህዝቢ ዝቕመ ንረብሓ ህዝቢ ዝሰርሕ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን ሓያል ኩሉ መዳያዊ ቃልሲ ክካየድ ምጽንሑን ምህላውን ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ሓርነታዊ ቃልስና፥ ዋላ'ኳ ብሰንኪ ብቐጻሊ ከጋጥምዎ ዝጸንሑን ዘለዉን ባዕላውን ወድዓውን ጸገማት፥ እቲ ከዐዉቶ ዝግበኦ ሸቶ ዛጊት ብምልኣት እንተዘየዐወተ፥ ክሳብ ሕጂ ከሰላስሎም ዝጸንሐ ስራሓት ግን ቀለልቲ ኣይኮኑን እንተተባህለ ነብሰ-ዉዳሰ ዘይኮነስ ንሓቂ ምስክርነት ምሃብ ጥራሕ'ዩ። ብርግጽ ድማ ኣብዚ ክሳብ ሕጂ ተኻይዱ ዘሎ ቃልሲ፥ ምስቲ ኩሉ ጸገማት ህዝቢ ኣብ ጎኒ ሓይልታት ሰውርኡ ክስለፍ ኣብ ምጉስጓስ፣ ማሕበረሰብ ዓለም ብዛዕባ'ቲ ብስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝብታታን ዝወርድ በደላት ክፈልጥ ኣብ ምግባር፣ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ዝኸድዎ ሃገራት ሰብኣዊ መሰሎም ተሓልዩ ናይ ስደተኛ መሰል ክኽበረሎምን፥ ካብ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ዉድብ ሕቡራት ሃገራት ኣድላይ ደገፋት ክረኽቡን ዲፕሎማስያዊ ጻዕርታት ኣብ ምክያድ፣ ብዛዕባ ኤርትራን ኤርትራውነትን ማሕበረሰብ ዓለም ብፍላይ ኣብዚ ዳሕረዋይ እዋን ብሰንኪ እከይ ባህርን ተግባርን ናይ ስርዓት ህግደፍ ሒዙዎ ዝነበረ ሕማቕ ስእሊ፥ ሓቀኛ ምስሉ ክሕዝ ኣብ ምግባር፥ ህዝብታት ኤርትራ ህግደፍ ዘየርብሖምን ዘይዉክሎምን ምዃኑ ፈሊጦም ኣብ ደንበ ሰውራ ተሰሊፎም ንሰብኣዊ፣ ዲሞክራስያዊ፣ ብሄራውን ሃይማኖታውን መሰሎምን ናጽነቶም ክቃለሱ ኣብ ምልዕዓል... ወዘተ ክጻወቶ ዝጸንሐን ዘሎን ተራ ኣቃሊልካ ዝረአ ኣይኮነን።

ዋላ እዚ ይኹን ግን እቲ መላእ ህዝብታትና ዝጽበይዎ ኩሉ መዳያዊ ሓርነት ዛጊት ከም ዘይተረጋገጸ ኣብ ባይታ ዝረአ ዘሎ ሓቂ ስለዝኾነ ዘዛርብ ኣይኮነን። ናይዚ ምኽንያት ብዙሕ ክኸውን ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፥ እቲ ሓደን ቀንድን ግን ንቑሕ ተሳትፎ ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ኣብ ሓርነታዊ ቃልስና ዛጊት ከምቲ ዝድለ ዘይተረጋገጸ ብምዃኑ እዩ። ንሓፋሽ ኣብ ምንቃሕን ምዉዳብን ተቓወምቲ ዉድባት ዝለዓለ እጃም ከም ዘለወን ብሩህ ነገር'ዩ። እዚ ድማ ጽባሕ ወይ ድሕሪ ጽባሕ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ንዓመታ ወይ ንድሕሪ ዓመታ ተባሂሉ ዝግደፍ ዘይኮነስ፥ ሕጂ ክዕዩ ዘለዎ ስራሕ'ዩ። ብተግባር ክስርሓሉ ዝጸንሐ'ውን ነዚ ሓቂ'ዚ ዘብርህ'ዩ። ሎሚ ድማ ብዝሓየለን ዝተዓጻጸፈን መልክዑ ክስርሓሉ ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ምኽንያቱ ኣብዚ ህዝብታትናን ሃገርናን ኣብ ገምገም ብርሰትን ምብትታንን ዝርከብሉ ዘለዉ መድረኽ፥ ሓፋሽ ህዝቢ ብዝግባእ ነቒሑን ተወዲቡን ንህልዉንኡን ቀጻልነቱን ክቃለስ እንተዘይክኢሉ፥ እቲ ሽግር መሊሱ ክብእስ'ዩ ዝኸውን። ህዝብታትና ድማ ነዚ ሓቂ'ዚ ብዝግባእ ተገንዚቦም ናይ ርሑቕን ቀረባን ድሌታቶም ንምምላስ የርብሓና'ዩ ዝብልዎ ፖለቲካዊ መስመር ኣለልዮም ብምጭባጥ፥ ኣብቲ ዝሰላሰል ዘሎ ሓርነታዊ ቃልሲ ተሰሊፎም ንህግደፍ ንምዉጋድን፥ ኣብ ልዕሊ መቓብሩ ምሉእ ተሳትፎኦምን ወሳንነቶምን ዘረጋግጽሉ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን ተቢዖም ክቃለሱ ንጽዉዕ።

ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!
ፖለቲካውን ፕሮፖጋንዳውን ቤ/ጽ ህደግኤ
25 መጋቢት 2005